# ናይ ነዋሕቲ ህንጻታት ዳግመ ህንጸት

## ወብ ሳይት ሕቶን መልሲን

20 መስከረም 2024

Tigrinya | ትግርኛ

## እንታይ መግለጺ እዩ ተዋሂቡ?

መንግስቲ ቪክቶርያ እቲ ዝቕጽል ቦታታት ከም ክፋሊ እቲ ናይ ሆምስ ቪክቶርያ ዓብዪ ህንጸት ኣባይቲ (Big Housing Build) ኹይኑ ዳግም ኽም ዝህነጽ ኣፍሊጡ ኣሎ። እተን ቦታታት እዘን ዝስዕባ እየን፦

- **139 Highett Street, Richmond፣**
- **259 Malvern Road, South Yarra፣**
- **6 & 8 Anderson Court, Richmond፣**
- **1–5, 7 & 9 Williams Court, Richmond፣ ከምኡውን**
- **111, 119 & 127 Elizabeth Street, Richmond።**

## እዚ መግለጺ እዚ ነቶም ተኻረይቲ ኹነ ነቶም ኣብቲ ኸባቢ ዝነብሩ ማሕበረሰባት እንታይ ትርጉም ኣለዎ?

ኣብዚ ቦታታት እዚ ዘለዉ ተኻረይቲ እቲ ዳግመ ህንጸት ምእንቲ ኽጅምርን ሓድሽ ማሕበራዊ ኣባይቲ ምእንቲ ኽህነጽን ብዛዕባ መስርሕ ምግዓዝ ምይይጥ ክጅምሩ እዮም።

እታ ናብ ካልእ ቦታ እተግዕዝ ጉጅለና ኣብ ድሌትን ምርጫታትን ነፍሲ ወከፍ ስድራ ቤት ተመርኲሳ ግቡእ ኣባይቲ ንምርካብ ምስ ነፍሲ ወከፍ ስድራ ቤት ክትሰርሕ እያ። እዚ ኸኣ ምርጨኦም ክኸውን ከሎ ኣብቲ ኸባቢ ዝርከብ ኣባይቲ ዘጠቓልል እዩ።

እዚ መስርሕ እዚ ግዜ ክወስድ ኢዩ። ኣብቲ ዝተገልጸ ቦታታት ምግዓዝ ኣብ ለካቲት 2026 ኽንውድእ ሸቶ ኣሎና። እቲ ዳግመ ህንጸት ካብ 6 ኽሳዕ 8 ዓመት ክወስድ እዩ።

## እቲ ናብ ካልእ ቦታ ንምግዓዝ ዝግበር መስርሕ ብኸመይ እዩ ዝሰርሕ?

ናብ ካልእ ቦታ ምግዓዝ ኣጸጋሚ ክኸውን ከም ዝኽእል ንፈልጥ ኢና። ስለዚ ኸኣ ኢዩ እታ ውፍይቲ ጉጅለና ንውልቀ-ሰባት ዘድልዮም ነገራትን ምርጫታትን ንምርዳእ ከምኡውን ነቲ መስርሕ ብዝተኻእለ መጠን ደገፍ ዘለዎን ቀሊልን ንምግባር ምስ ነፍሲ ወከፍ ስድራቤት እትራኸብ። እዚ ኸኣ ንኸምዚ ዝስዕብ ዝኣመሰለ ኣገዳሲ ነገራት ዝሽፍን ኢዩ፦

- ብቐሊሉ ኽትረኽቦ ናይ ምኽኣል ብቕዓታት
- ኣገልግሎት ጥዕናን ኣቐረብቲን
- ቤት ትምህርቲ፣ ክንክን ሕጻናትን ትምህርትን
- ማሕበራውን ናይ ማሕበረሰብን ምትእስሳራት
- መራኸቢ መጓዓዝያን ርክብን።

ተኻረይቲ ምስ ድሌቶምን ምርጫታቶምን ብቕዓቶምን ዝሰማማዕ ክልተ ምቹውን ግቡእን ናይ ኣባይቲ ምርጫታት ክወሃቦም እዮ። እዚ ኸኣ ኣብቲ ዝመረጽዎ ኸባቢ ኣባይቲ ምርካብ ዘጠቓልል ኢዩ።

ንተኻረይቲ ሓድሽ ገዛ ክንህቦም ከለና እቲ ገዛ ብቑዕ ምዃኑ ንምርግጋጽ ክሬዎ ወይ ክምርምሩዎ ኣጋጣሚ ይረኽቡ እዮም። ተኻረይቲ ነቲ ዕድመ ምስ ተቐበልዎ እታ ናብ ካልእ ቦታ እተግዕዝ ጕጅለና ምቹው መዓልቲ ንምውዳድን ናብ ካልእ ቦታ ንምግዓዝን ምስ ነፍሲ ወከፍ ስድራ ቤት ክትሰርሕ እያ።

ኣብ ከይዲ ብምሉኡ እቲ ዳግመ ህንጻት ካብ መደብ ጀሚርና ኽሳዕ እቲ ሓድሽ ኣባይቲ እነብጽሓሉ እዋን ክንራኸብ ኢና፣ ብዛዕባ ሓድሽ መዕባለታት እታ ፕሮጀክት ሓበሬታን አብቲ ንድፊ ሓደስቲ ኣባይቲ ሓሳብ ንምሃብ እዋናትን ኣጋጣሚታትን ድማ ክንህብ ኢና።

## ሆምስ ቪክቶርያ ንምንቅስቓስ ዝወጽእ ወጻኢታት ክሽፍን ድዩ?

እወ። ሆምስ ቪክቶርያ ነቶም ኣቕሑ ዘልግሱን ዘጓዓዕዙን (removalists) ይምድብ፣ ንዅሉ እቲ ናብ ካልእ ቦታ ንምግዓዝ ዝወጽእ ወጻኢታት እውን ክሽፍን እዩ፣ ገለ ኻብዚ ኸኣ፦

- ናይቶም ኣቕሑ ዘልግሱን ዘጓዓዕዙን (removalists) ክፍሊት
- ኣቕሑ ምጥቕላል፣ ንኣብነት ሽሪጥ/መጠበቒ፣ ሳጹናት
- ንኸም ኤለክትሪክን፣ ጋዝን፣ ተሌፎንን፣  ኢንተርነትን ዝኣመሰለ መሳለጥያታት ዝኸውን ክፍሊት መራኸቢ
- ናይ ጶስጣ ምትዕርራይ/ምዝዋር ወጻኢታት
- ተኻረይቲ ናብ ሓድሽ ኣባይቲ ኽግዕዙ ዘይደልዩዎ ዝኾነ ይኹን ኣቕሑ ምውጋድ።

## ተኻረይቲ ናብ ካልእ ቦታ ንምግዓዝ ሓገዝ ክረኽቡ ድዮም?

እቶም ተኻረይቲ ቕድሚ ምግዓዞም መዐሸጊ ሳጹናትን ናውትን ይወሃቦም እቶም ኣቕሑ ዘልግሱን ዘጓዓዕዙን (removalists) ድማ ነቲ ኣቕሑ ቤትን ሳጹናትን የግዕዝዎ።

ብዘይካዚ ሆምስ ቪክቶርያ ነቶም ተኻረይቲ ምሳታቶም ክወስድዎ ዘይደልዩ ኣቕሑ የዳሉን ንኽለግስ ድማ ይኸፍል፣ ተኻረይቲ ናብ ሓድሽ ከባቢ እንትግዕዙ ኸኣ ምስ ሓድሽ ኣገልግሎት ንኽራኸቡ ይሕግዞም።

## ተኻረይቲ ኣብ ጥቓ እቲ ህንጻ ክነብሩ ይኽእሉ ድዮም ወይ ምስተወድአ ናብቲ ሓድሽ ኣባይቲ ኽምለሱ ይኽእሉ ዶ?

እቲ ዳግመ ህንጻት ምስተዛዘመ ተኻረይቲ ኣብቲ ሓድሽ ኣባይቶም ዘለዎም ብቕዓትን፣ ድሌታትን ምቅዳውን ተመርኲሶም ናብዚ ሕጂ ዘለውዎ ኸባቢ ናይ ምምላስ መሰል ኣለዎም።

ተኻረይቲ ኣብቲ ግዜ እቱ ነኦም ዝሓሸ እንተ ኹይኑ ኣብታ ሓዳስ ቤቶም ክጸንሑ ይኽእሉ እዮም።

## ተኻረይቲ ኹነ ማሕበረሰብ ኣብዚ ፕሮጀክት እዚ ዝሳተፉ ብኸመይ እዮም?

ኣብ ከይዲ ብምሉኡ እዚ ፕሮጀክት እዚ ነቶም ናይ ነእዋሕቲ ህንጻታት ተኻረይቲ ኹነ ማሕበረሰብ ክንሰምዕን ምስኦም ክንዓዪን ኢና።

ተኻረይቲ ኹኑ ማሕበረሰባት ብዛዕባ እቲ ሓድሽ ኣባይትን፣ ኸባቢን ካልእ ነገራትን ዝተነድፈ ንድፊ ሓበሪታ ክሕብሩን ሓሳብ ክህቡን ኣጋጣሚ ኽረኽቡ እዮም።

## ሆምስ ቪክቶርያ ነቶም ተኻረይቲ ብቐጻሊ ኽሰምዖም ድዩ?

እወ። ተኻረይቲናን ማሕበረሰብናን ኣብ ከይድ ብምሉኡ እዚ ፕሮጀክት እዚ ቐዳምነት እንህበም ኢዮም፣ ምስ ተኻረይቲ ኼይንና ማሕበረሰብና ንምምሕያሽ ክንሰምዕን ክንዓዪን ጾኒሕና ኢና እዚ ድማ ማሕበረሰብና፡ ስነ ምግባራዊ ስርዓታትና ብዝብል ኣብ ብምሉኡ እቲ ናይ ነዋሕቲ ህንጻታት ዳግመ ህንጻት ብኸመይ ከም እንረዳዳእን ምስ ተኻረይቲ ብኸመይ ከም እንተሓባበርን ዝመርሕ መስርሕ አማዒልና ኢና።

ቀዳማይ ስጒምትና ኵሎም ተኻረይቲ ጽቡቕ ሓበሬታ ኽም ዝህልዎምን ነቲ ኽረኽብዎ ዝኽእሉ ደገፍ ከም ዝርድኡን ምግባር እዩ።

እታ ውፍይቲ ጉጅለና ንነፍሲ ወከፍ በታ ዝኸውን መደባት ንምቕራጽ ተኻረይቲ ኹነ ማሕበረሰብ ዝህብዎ ርእይቶ ኽትእክብ እያ። ንዅሉ ሰብ ኣብ ኵሉ ደረጃታት እቲ ፕሮጀክት ስሩዕ ምትዕርራያትን ሓበሬታ ናይ ምሃብ ኣጋጣምን ክንሕብሮ ኢና።

## እቲ ኣረጊት ነዋሕቲ ህንጻታት ጥሮታ ዝወጸ ስለምንታይ እዩ?

ነቲ ኣረጊት ነዋሕቲ ህንጻታት ጡረታ እነውጽኣሉ ብዙሕ ምኽንያታት ኣሎ። እቲ ነዋሕቲ ህንጻታት ናብ መወዳእታ ናይ ስራሕ ዕድምኡ ይቐርብ ኣሎ፣ እዚ ድማ ነቲ ቪክቶርያውያን ዝጽበይዎ ዝጠልብዎን ትሑት መለክዒታት ኣየማልእን።

ኣብዚ ቐረባ ዓመታት ናይ ህንጻት ጉድለታትን ምፍርራስን (ናይ ኤለክትሪክ፣ ሻምብቆታት ማይ ሊፍት) ልሙድ ኰይኑ ኣሎ ነቶም ተኻረይቲ ድማ ብተደጋጋሚ ዕንቅፋት ይኹኖም ኣሎ።

ንድፊ እቲ ህንጻታት ናይ ቀደም ምዃኑ ድማ ናብ ዘመናዊ ንድፍን፣ መነባብሮ ዘሳልጥን ብቐሊሉ ዝርከብ መዐቀኒታትን ንኸማልእ ክመሓይሽ ኸም ዘይክእል ዝሕብር እዩ።

## እዚ ፕሮጀክት እዚ መዓስ እዩ ዝጅምር መዓስከ ይዛዘም?

እዚ ፕሮጀክት እዚ በብቕሩብ ጡረታ እናውጸአ ኣብ 2051 ካብ 1950ታት ክሳዕ 70ታት ዝተሃንጸ 44 ነዋሕቲ ህንጻታት ህዝባዊ ኣባይቲ ሜልበርን ክትክእ ትጽቢት ኣሎ።

ነፍሲ ወከፍ ዳግመ ህንጸት ንኽዛዘም ካብ ሽዱሽተ ኽሳዕ ሸሞንተ ዓመት ክወስድ እዩ።

ናይ ምግዓዝ መደብ ንምግባር ምስቶም ናይ **ሳውዝ ያራን ሪችመንድን ተኻረይቲ** ዝግበር ዝርርብ ኣብ ሓጺር እዋን ክጅመር ኢዩ፣ እቲ ምግዓዝ ድማ ኣብ ለካቲት 2026 ክዛዘም መደብ ኣሎ።

ናይቶም ስራሕ ኣብ ዝሳለጠሎም ኣብ 120 Racecourse Roadን 12 Holland Courtን **ፍለሚንግተን**ከምኡውን 33 Alfred Street **ኖርዝ ሜልበርን** ዘለዉ ተኻረይቲ ምግዓዝ ብጽቡቕ ይስጉም ኣሎ ክሳዕ መስከረም 2025 ከኣ ክዛዘሙ ሸቶ ኣሎ።

## ኣብ መሰላት ተኻረይቲ ለውጢ ኽህሉ ድዩ?

መሰላት ተኻረይቲ ወይ ድሕንነት እቲ ስራሕ ለውጢ ኣይህሉን። እዚ ድማ ነቶም ኣብቲ ዝገዓዙሉ ኣባይቲ ኽጸንሑ ዝመርጹ ተኻረይቲ እውን ዘጠቓልል እዩ።

ኵሎም ተኻረይቲ ማሕበራዊ ኣባይቲ ኣብ ትሕቲ ሕጊ 1997 (Residential Tenancies Act 1997) ዕቑባ ይግበረሎም እዩ።

## ተኻረይቲ ኹኑ ማሕበረሰብ ዝያዳ ሓበሬታ ካበይ ክረኽቡ ይኽእሉ?

በዚ መስርሕ እዚ ኣቢልና ንጹርን እዋናውን ሓበሬታን (ናይ ቋንቋ ሓበሬታ ሓዊስካ) ንምሃብ ምስ ተኻረይቲ ኹነ ማሕበረሰብ ብቐረባ ኽንዓዪ ኢና።

ብዛዕባ እቲ ዝፍጸም ዘሎ ነገራት ዝያዳ ኽትፈልጡን ብዛዕባ እቲ ፕሮጀክት እዋናዊ ሓበሬታታት ንምርካብን ክትምዝገቡ እንተ ደሊኹም ናብ **www.bighousingbuild.homes.vic.gov.au** ብጽሑ፣ ኣብዚ ድማ ብዝተፈላለየ ቛንቋታት ዝተተርጎመ ሓበሬታ ትረኽቡ ኢኹም።

ተኻረይቲ ገለ ሕቶታት እንተ ሃልይዎም ብዝስዕብ ኣቢሎም ክሓትቱ ይኽእሉ እዮም፡-

- ናይ ኸባቢኦም ቤት ጽሕፈት ኣባይቲ ብምዝርራብ ወይ ከኣ ብ **1800 716 866**ደዊሎም ምስቲ ኣብ ከባቢኦም ዝርከብ ቤት ጽሕፈት ኣባይቲ (ካብ ሰኑይ ክሳዕ ዓርቢ ካብ ሰዓት 9 ናይ ንጉሆ- ሰዓት 5 ድሕሪ ቀትሪ) ምርኻብ ይኽእሉ ኢዮም። እንተድልዩ ኣስተርጎምቲ ኽርከቡ ይኽእሉ እዮም።
- ኢሜይል enquiries@homes.vic.gov.au
- ኣብቲ ናይ ማሕበረሰብ ጊዜያዊ ናይ ሓበሬታ (ፖፕ ኣፕ) ፍጻመታት ተኻፈሉ። ግዜን ዕለትን ኣብ ወብ ሳይትናን **bighousingbuild.homes.vic.gov.au**ኣብቲ ናይቲ ህንጻ መረባን ክህሉ እዩ።